# ሽግር ንኽውዳእ ሓብርካ ምርድዳእ

ህዝቢ ኤርትራ ብረታዊ ቃልሲ ካብ ዝጀምር ኣትሒዙ፡ ክሳዕ ልዑላዊትን ነጻን ሃገር ዝውንን ዝነበረ ሕሰም ዝመልኦ መዋእል ሰጊሩ፡ ኣብ ትሕቲ እዚ ብኹሉ እንትንኡ ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዘይፍለ ጨቋኒ ስርዓት፡ ካብ ዝወድቕ ድሮ 19 ዓመታት ኮይኑ ኣሎ።
እቲ ዘገርም ካኣ፡ እዘን ህዝቢ ኤርትራ ራህዋን ሰላምን ረኺቡ፡ ብሓርነት ክነብር ከም ዝኽእል ኣሚኑ፡ ከቢድ ዋጋ ዝኸፈለለን ድሕሪ ነጻነት ዝሓለፋ ዓመታት ካብ ኩለን እተን ብባዕዳውያን ገዛእቲ እናተጨፍጨፈ ዘሕለፈን ዓመታት ይኸብዳ፡ እቲ ንነጻነት ዝተኻየደ ቃልስን ዝተኸፍለ መስዋእትን ብኻልእ ህዝቢ ዘይተጸበዮ መገዲ ዝኸፍኤን ሓሳረ መከራ ዝመልኦን ሂወት ኣምጺኡ ማለት ኢዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ካኣ ካብ'ዚ ዘለዎ ሽግር ዝላቓቐሉ መገድታት ንምንዳይን ሓደ መዋጽኦ ንምርካብን ሓርነታዊ ቃልሲ የካይድ ኣሎ፡ ብቓልሱ ነዚ መከርኡ ዘርእዮ ዘሎ ሕሱም ስርዓት ብኸመይ ከም ዝቃለሶ ንጹር መገዲ ኣውጺኡ ወይ ሓንጺጹ ብዝልዓለ ቃልሱ ንኸካይድ ኣብ ዝተበገሰሉ፡ ኣብቲ ቅድም ክምርሓሉ ዝጸንሐ ናይ ቃልሲ ኣገባብ ኣቀላልሳ ዝነበረ ኣሉታዊ ተሞክሮ ክፅንቀፎ ጸኒሑን ኣሎን።
በቲ ዝነበረ ህዝቢ ዘይቅበሎ ኣካይዳ፡ እቲ ብውጺኢት ዝኸበደ ቃልሱ ዘፅቀቦ ነጻነት ከምቲ እተጸበዮ ኮይኑ ስለ ዘይረኸቦ ካኣ፡ እዚ ዝካየድ ዘሎ ሓርነታዊ ቃልሲ ምሉእ ደገፍ ህዝቢ ረኺቡ ከምቲ ዘድሊ ክስጉም ኣይክኣለን። ኣብ'ዚ ቃልሲ እቲ ዝውጻዕ ዘሎ ህዝቢ፡ በቲ ምስቲ ዝጸቕጠ ዘሎ ስርዓት ክህልዎ ዝኽእል ዝምድናን፡ ምስቲ ምእንቲ ጠቕምኻ ይቃለስ ኣለኹ ዝብል ኣካል ክህሉ ዘለዎ ዝምድናን ስለ ዝጸሎ፡ ብርኡይ ይኹን ብዘይ ርኡይ፡ እቲ ዝካየድ ቃልሲ ክብን ለጠቕን ክብል ጸኒሑ፡ ስለ'ዚ ልዑል ጥንቃቐ ናይ እትኽተሎ ኣገባብ ቃልሲ ቃልስኻ ናይ ምፅባይን ምሕያልን ወሳንነት ኣለዎ።
ምኽንያቱ ሎሚ ነቲ ዝሓለፈ ጉፅዞ ብረታዊ ቃልሲ ተመሊስካ ክሳርኡን መኽሰቡን ኣብ ምግምጋም ኣቲኻ፡ ነቲ ዘሰዓቦ ፅንወት ብመንጽር እቲ ንነጻነት ዝተኸፈለ መስዋእቲ ክትርእዮ ከለኻ ተማጣጣኒ ስለ ዘይኮነ ህዝቢ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘለዎ እምነት ክሳዕ ክንድ'ቲ ዝድለ ከይኮነ ጸኒሑን ኣሎን። ከምኡ ስለ ዝኾነ ኢዩ ካኣ እቲ ህዝብና ነጻነት ኣምጺኡ ብዓቢ ትምኒትን ሃረርታን ክጽበዮ ዝጸንሐ፡ ከምቲ ዝደልዮ ከይኮነ ብምትራፉ ስለ ዘይትሓጎሰን፡ ከምኡ'ውን ናብቲ ንመዋእል ኣብ ትሕቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ክሳቐየሉ ዝጸንሐ ዝመረረ ኩነታት ሂወት ተሳጢሑ ይርከብ ስለ ዘሎን፡ ኣካይዳ ናይ ዘሎ ቃልሲ ብምፅራይ ጥራይ ኢዩ ህዝቢ ንኽቃለስ ስሓቢ ዝኸውን ዝብል እምነት ተላዒሉ ዘሎ።
ከምኡ'ውን፡ ካብቲ ኣብ ትሕቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዝነበረ መዋእል ሕሰም ኣብዘን ህዝቢ ኤርትራ ራህዋን ሰላምን ዝረክብ መሲሉዎ ከቢድ ዋጋ ዝኸፈለለን ዳሕረዎት 19 ዓመታት ዘሕልፎ ዘሎ መዋእል ዝኸበደ ኮይኑ ስለ ዝረኸቦ ሕዝቢ ኣብ ሓደ ዓቢ ስኽፍታ ክርከብ ናይ ግዲ ኢዩ። ኣብ'ዚ መድረኽ እዚ እምብኣር፡ ነቲ ጉፅዞ ዝሓላለኾን ዝፈጠሮ ዘይምትእምማንን መቐይሮ ንምፍጣር ወይ ንምብልሓት ጻዕሪ ምክያድ የድሊ ኣሎ፡ ካብዚ ተበጊስናንኽካየድ ተወሲኑ ዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ ክንመዝኖ ከለና ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ከይዱ ኣሎ ምባል ይክኣል።
እቲ ህዝቢ ነዚ ብምንጽጻር ነቲ ዝሓለፈ ናይ ቃልሲ ጉፅዞ ዘፅግብ ውጽኢት ስለዘይ ረኸበሉ ኢዩ፡ ጉፅዞ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘገምታዊ ኮይኑ ዘሎ፡ ስለ'ዚ ህዝብና ብሓድሽ መንፈስ ነቲ ኩሉ ዝሓለፈን ሕጂ ዝኸይድ ዘሎን ኣገባብ ቃልሲ ክፍውስ ዝኽእል መድሃኒት እምብኣር፡ ሎሚ ኩሉ ኣብ ቃልሲ ዘሎ ኣካል ነብሱ ብምህናጽ ሓዲሽ ኣካይዳን ሜላን ክኽተል ከም ዘለዎ ክገብር ምኽኣል የድሊ ኣሎ።
ክቡራት ኤርትራውያን ኩልኹም እቶም ስለ ልዑላውነት ኤርትራን ድሕነት ህዝባን እትሓስቡ ኤርትራውያን፡ እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ሽይሽይ ዝብል ዘሎ ዓማጺ ዝኾነ ስርዓት፡ ንኹሉ እቲ ብኤርትራ ዝሓስብ ዘበለ፡ ምስ ህዝቡ ተኣሳሲሩ ጉዳይ ሃገሩ ንኸይፈትሕ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ልቦም ሰሪቑ፡ ጠቕሞም ከምዘይለልዩ ብምግባር፡ ካብ ብሃገሮምን ህዝቦምን ምሕሳብ ስለ ዘዘንብዖም፡ እቲ ኩሉ ተቓላሳይ ሰማዒ ከም ዝስእን ጌሩዎ ይርከብ፡ እዚ ልቢ የዋሃት ህዝቢ ናይ ምዝንባዕ ክእለት ዳርጋ ናይ ኩሎም ዲክታቶራት ባህርያት ዘጣቓልል ጥበብ ናይ ዲክታቶራት ኢዩ፡ ሓደ ዲክታቶር ክሳዕታ ዝወድቕ፡ ኩሉ ሕዝቢ ኣብ ጎድኑ ኢዩ ሆ-ዝብል።
ይኹን እምበር እቶም ኩሎም ሰብ ሕልና ዝኾኑ ኤርትራውያን ተቓለስቲ፡ሕልንኦም ከየፅረቡ ቃልሶም ብምቕጻል፡ ብዙሕ ሕልኽልኻት ሰጊሮም፡ ካብቲ ኩሉ ሓጎጽጎጽ ዝመልኦ ጉፅዞ ቃልሲ ብዘጥረዩዎ ተሞክሮ፡ ንሓደ ይቃለሰልካን ይሓልየልካን እትብሎ ህዝቢ፡ ተራ ከሊእካን፡ ልዕሊኡ ናይ ጠቕሙን ጉድኣቱን ሓሳቢ ኮንካን ዝካየድ ቃልሲ መስመሩ ዝስሓተ ምዃኑ ፈሊጦም፡ ከምቲ ካብ ንፋዕ ጠበቓስ ዓሻ ዋና ዝብል ምስላ ኣቦታት፡ ህዝቢ ኣብ ጉዳዩ፡ እዚ ይጠቕመና እዚ ካኣ ይጎድኣና ኢሉ እናሓበረካን ኣብ ኩሉ መዳያት ቃልሲ እናተሓባበረካን፡ ዝካየድ ቃልሲ ጥራይ ኢዩ፡ እቲ ጉዳይ ከምቲ ኩልኻ እትደልዮ ፍታሕ ዝረክብ ካብ ዝብል ኣታሓሳሰባ ተበጊሶም፡ ሃገራዊ ዋዕላ ምስ ህዝቢ ኮንካ ክግበር ከም ዘለዎ ኣብ ውሳኔ በጺሖም እናሃለ ካኣ ስርሑ ጀሚሩ።
ስለ'ዚ ኣብቲ ዘድሊ ፍታሕ ንምብጻሕ ይኹን ካብ ካልእ ዘይተጸበናዮ ሽግር ናይ ምድሓን ዝኽእል ኣገባብ ቃልሲ ኣብ ምድህሳስ ኣቲና፡ ንዝኾነ ፅንቅፋት ሰጊርና ሃገርና ካብ ጥፍኣት ህዝብና ካኣ ካብ ብርሰት ንምድሓን ንጓዪ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና

በላይ መስፍን ጀርመን